# Union of Tigreans in North America (UTNA)

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ.)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703


---

## ብምኽንያት ሞት ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ዝተውሃበ ናይ ሓዘን መግለፂ

ንሕና ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ምስ መላእ ማሕበረሰብ ትግራይ ነበርቲ ኣሜሪካን ካናዳን ሞት ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ዝሰማዕና ብከቢድ ድንጋፀን ብዓሚቕ ሓዘንን እዩ።

ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ካብ ዕሽል ዕድሚኡ ጀሚሩ ናይ ህዝብታት መሰል፣ ማዕርነትን ዕብየትን ንምርግጋፅ ብዘይ ዕረፍቲ ዝተቓለሰን መሪሑ ዘቃለሰን  ውፉይ ተጋዳላይ ነይሩ።

ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ብዝነበሮ ናይ ኣርሒቕካ ምርኣይ ተውህቦ፣ ሃገርና ኢትዮጵያ ካፍቱ ንዘበናት እትፍለጠሉ ዝነበረት ናይ ድኽነትን ድሕረትን ንሮ ንምልቓቕ ሱር-ነቀል ዝኾነ ራኣይ ብምትእትታው ኣብ ናይ ሰላም፣ ዴሞክራሲን ልምዓትን ጎደና ንኽትጓዓዝ ዘኽኣለ ብሱል ኣመራርሓ ንዝሓለፉ 21 ዓመታት ክህብ ፀኒሑ እዩ።

ዋላ እኳ ናይ ተፈጥሮ ጉዳይ ኮይኑ ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ብሂወት እነተተፈለየና፤ እቱ ዘውረሰና ናይ ርሑቕ ርኣይ ዝኾነ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ግን ቀፃላይ፣ ዘልኣለማውን ህያውን እዩ።

በዙ ኣጋጣሚ ብስም ማሕበርናን መላእ ማሕበረሰብ ትግራይ ነበርቲ ኣሜሪካን ካናዳን እቶም ተጀሚሮም ዘለው ናይ ሰላም፣ ዴሞክራስን ልምዓትን ለውጥታት ኣብ ሽትኦም ንምብፃሕ እጃምና ከምእነብርክት ደጊምና ቃል ንኣቱ።

ኣብ መወዳእታ፣ ንመላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ፣  ህዝቢ ትግራይ፣ ኣባላት ሕወሓትን ኢህወደግን ብፍላይ ድማ ንኣባላት ስድራቤት ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ፅንዓት ንምነ።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና !!!

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሺንግቶን ዲሲ
15 ንሓሰ 2004 ዓ/ም